# ብመጠንቀቕታ ባይቶ ጸጥታ ዝተሻቐለ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ መንበሪ ገዛ ይቐያይር። ምስ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሓይሊ ምድሪ ንምርኻብ ዝገበሮ ፈተነ ይንጸግ።



ባይቶ ጸጥታ ኣብ ዝሓለፈ ራብዕቲ (14 ጥሪ 2009) ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ካብቲ ምስ ጅቡቲ ዘከራኽር ቦታታት ክትወጽእ ተሪር መጠንቀቕታ ብምሃቡ ዝተሻቐለ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ኣስመራን ባጽዕን ዘይወግዓዊ መንበሪ ይቐያይር ከም ዘሎ ምንጭታትና ካብ ኤርትራ ሓቢሮም።

ብመስረት ‘ቲ ሓበሬታ፣ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን’ዚ ኣብቲ ብእንዳ ባራቶሎ ዝፍለጥ ኣብ ከባቢ ቲራቮሎ ዝርከብ ኣባይቲ ኣብ ሓደ ብጽኑዕ ሓለዋ ዝሕሎ መንበሪ ገዛ ሰፊሩ ካብን ናብን ይከለበት ከም ዘሎ ምንጭታትና ኣፍሊጦም።

ምስዚ ኣብ ዝተኣሳሰር ሓበሬታ ካቢኔ ሚኒስተራት ንኣፍታትሓ ናይቲ ምስ ጅቡቲ ዘሎ፣ ሎሚ ቕነ ድማ ዝተበራበረ ግጭት ብዝምልከት ንምዝታይ ህጹጽ ኣኼባ ጸዊዑ ከም ዘሎን ብሰንኪ ዘይርጉእ ኣእምሮ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ይሰናኸል ምህላዉን፣ እዚ ኸኣ ኣብቲ ካቢነ ሚኒስተራት ሻቕሎት ፈጢሩ ከም ዘሎ ናብቲ ክቢነ ሚኒስተራት ቅርበት ዘለዎም ምንጭታትና ሓቢሮም።

እዚ ከምዚ ኢሉ ኸሎ፣ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምስ ቲቪ ኤረ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መጠይቕ “ጅቡቲ ዕዳ ክትከፍል እያ” ኢሉ ድሕሪ ዝሃቦ መደረን ዝሰዓበ ውሳኔ ባይቶ ጸጥታን፣ ምስ ዝደለዮም ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ሓይሊ ምድሪ ፈላልዩ ንምርኻብ ዝገበሮ ፈተነ፣ “ብሚኒስትሪ ምክልኻል ተማእኪሉ ዘይመጽእ ሓበሬታ ቅቡል ኣይኮነን” ክብል ኣዛዚ ሓይሊ ምድሪ ኤርትራ ሜጀር ጀነራል ዑመር ሑሴን ጠዊል ከም ዝነጸጎ፣ እቶም ምንጭታት ኣፍሊጦም።

ብዘይካ ‘ዚ ኣብ ደንከል ዝርከብ ኣብ ትሕቲ እዚ ሜጀር ጀነራል ሃይለ ሳሙኤል (ቻይና) ዝርከብ ሰራዊት፣ ብላዕለዎት ኪኢላታት ኣዘዝቲ ሰራዊት ኢራን ንኽትግበር ዝተመደበ ወተሃደራዊ ስልቲ ዘጠቓለል ወተሃደራዊ ታዕሊምን፣ ‘ግራድ ዋን ኢስላሕ’ ዝተብህለ ናይ ሩሑቕ ርሕቀት ተወርዋሪ ሚሳይል ዝርከቦ ዘበናዊ ኣጽዋር ብዝምልከት ስልጠና ንኽወሃብ ንዝተመሓላለፈ ትእዛዝ ነጺጉ ነቲ ኣብ ወደብ ዓሰብ ዝነበረ ኣጽዋራት ኣብ ትሕቲ ምሉእ ምቁጽጻሩ ከም ዘእተዎ ናብቲ ጉዳይ ቅርበት ዘለዎም ምንጭታትና ሓቢሮም።

ብኻልእ ወገን ኣዛዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ሜጀር ተኽላይ ሃብተስላሴ ነቶም ዝርካቦም ኣባላት ሓይሊ ኣየር ኣብ ተጠንቀቕ ንኽጸንሑ ኣመልኪቱ ንዘመሓላለፎ ትእዛዝ፣ ብወግዒ ኣብ ዘይተነጸረ ናይ ውልቀ ሰባት ኩናት ኣትዮም ዳግማይ ንኽጥበሱ ፍቓደኛታት ከምዘይኮኑ ብምንጻር ነቲ ብኣዛዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ዝተዋህበ ትእዛዝ ነጺጎም ኣኼባ ረጊጾም ከም ዝወጹን እቲ ሜጀር ጀነራል ጉዳዩ ንምርዳእ ተለሳሊሱ ዘካየዶ ፈተነ 'ውን ፈረ ከምዘይተረኽቦ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬት ኣረጋጊጹ።

ምስዚ ኣብ ዝተኣሳሰር ዜና፣ ኮሚቴ ድሕነት ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ ንወጥሪ ጅቡትን ኤርትራን ኣመልኪቱ ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ ኢዱ ከየእቱ መተሓሳሰቢ ከም ዘመሓላለፈ ዝበጽሓና ሓበሬታ የመልክት።

እዚ ከምዚ ኢሉ ኸሎ፣ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝርከባ ዝበዝሓ ማእከላይ ደረጃ ኣብያተ- ትምህርቲ “እምቢ ኣሕዋትና ናብ ዳግማይ ኩናት ጁቡቲ ክጥበሱ ኣይነፍቅድን” ዝትሕዝትኡ ናይ ተቓውሞ መልእኽታት ይዝርጋሕ ከም ዘሎን መንእሰያት ብዓውታ ተቓውሞታቶም ንምልዕዓል ይንቀሳቐሱ ከምዘለዉን ካብቲ ቦታ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የገንዝብ።

ምንጪ ሓበሬታ: ኣሰና.ኮም 18.01.2009